# *ባህሊ ምዕባጥ/ምሕባእ ኢ-ምራላዊስኑ-ምግባርን ተግባራትንኣብቅድሙ-2018 ሰዲህኤ*
# *(The Culture of Covering-up of Unethical Practices in Pre-2018 EPDP)*

*ገብረ ገብረማሪያም (ዶር.)*

*ከምቲ ኣቦው **“ትዕቢት ኣደ ዕንወት”** ዝብልዎ፡ መሪሕነታዊ ብርጣጠ፡ ብኣግኡ ከሎ መግትኢ እንተዘይተገይሩሉ፡ ውድብ/ሰልፊ/ሃገር ዘፍርስ ሓደገኛ ዝኾነ መሪሕነታዊ ኣበር ኢዩ። ከምዝፍለጥ፡ እዚ ኣበር እዚ ዝነበሮ መራሕነት ሰዲህኤ ነበር ንነብሱ ከም፡ “ንሱ ጥራሕ ኩሉ ነገር ዝፈልጥን ኩሉ ጊዜ ቁኑዕን፣ ንሱ ካብ ኩሎም ኣብ ትሕቲኡ ዘለዉ ሳዓብቱ ዝበለጸን ሞራላዊ ብልጭኡ ካኣ ዝኾነ ሰብ ሕቶ ምልከት ዘይገብረሉን፣ ሕጊ ከኸተልን ግዝኣተ-ሕጊ ከኽብርን ዘየድልዮን” ባኢታን ገይሩ ስለዝወስዳ፡ ኣብ ርእሲ ብኻለኦት (መሰረታት) ዝልገሰሉ ዝነበሩ ምኽርታታ ይኹኑ ወቐሳታት ንዕቀት ኢዩ ኣርእዩ። ነቶም ዝቀርበሉ ወቐሳታትን መኣረምታታትን፡ ምስምሳትን ምኽንያታትን (rationalizations) እንዳገበረ፡ ኣብ ርእሲ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን ነቲ ንሱ ዝብሎ ንኸቕበሉ ቀጥታዊ ተጽዕኖታት ምግባር ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ርእሲ እቶም ንሓሳቡ ዘይቅበሉን ካብቲ ናቱ ዓንኬል ወጻኢ ዝኮኑ መሰረታት፡ ናይ ጸለመ ዘመተታት ኢዩ ገይሩ። ኣብ ከምዚ መስርሕ፡ ናይ መሪሕነት ጉጅለኣዊ ኣተሓሳስባ (groupthink) ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብቲ “መሪሕነታዊ ብርጣጠ” ዝራዓመን ነቲ መሪሕነት ከከላኸል ኢየ ዝብልን ጉጅለ’ውን ተፈጢሩ ኢዩ። እዚ ጉጅለ እዚ፡ ዘድልዮ ሓበረታ ኣብዘድልዮ ጊዜ ስለዝረክብ፡ ንባዕሉ ከም ዋናን ወዲ ማእከልን፡ ነቲ ካልእ ካኣ ከም ዳናን ወዲ ወሰንን እንዳቆጸረ፡ ንሰዲህኤ ኣብ “ንሕናን ንሳቶምን” ዝብል ናይ ምጉጅጃል ሂወት ካብዘእተዉዋ ቀንዲ ረቛሕቲ ሓደ ኢዩ ነይሩ። መሪሕነት ሰልፊ ነበር ብወገኑ፡ ዝድግፈኦ ዘይሕጋውያን ጉጅለታት ንኽፍጠራ ዝገበሮም ስርዒት ሰልፊ ዝጣሓሱ ወስታታት (ኣብ ዝሓለፉ ጽሑፋት ብሰፊሑን ብደቂቑን ከምዝተገልጸ) ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ ናይ ዝድግፍዎ ኣባላት ኢ-ምራላዊ ስኑ-ምግባራትን ተግባራትን ንኽዓብጥ/ንኽሽፍን ክብል ዝተኸተሎ መንገዲ ንሰዲህኤ ናብዚ ሕጂ ዘለዎ ኩነታት ዘብጽሐ ቀንዲ ረቛሒ ኢዩ ነይሩ።*

*ኣብ ጉዕዞ ዘጋጠሙን ዝተገብሩን ግን ካኣ፡ “ስለምንታይ? ብኸመይ? ብመን? መን ከ ኢዩ ታሓታቲ? ወ.ዘ.ተ.” ንዝብሉ ሕቶታት ብንጹርን ብዘየማትእን መልስታት ዘይተረከቦምን፡ ደቂቕን ሰፊሕን መርመራታት (meticulous investigations) ዘድልዮም ኣዝዮም ኣከራኸርትን ኣጠራጠርትን (very controversial and suspicious) ዝኾኑ መዕለቢ ዘይረኸቡ ተረክቦታት ኣለዉ ኢዮም። ኩነታት መስዋእቲ ነብሰሐር ስዩም ዑ/ሚካኤል፣ ምስዋር ተ/ይ ማሓመድ ዓሊ ኢብራሂምን ካለኦት ሓያልት ተጋደልትን ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይካኣል። እዞም ከምዚኣቶም ዕማማት ጸራት ናይ ንፍትሒ ዝቃለሱ ኣካላት ኮይኖም፡ ምቹእ ኩነታት (ክኢላውን ፋናንሳውን ዓቕሚታት፣ ዓለም-ለካዊ ምትሕብባራት፣ ወ.ዘ.ተ.) ዝሓቱ ስለዝኾኑ ጊዜ እንተተጸበናሎም ዝሓሸ ኢዩ። ሕጂ ክላዓሉን ክዝረበሎምን ዘለዎም ሕቶታት ግን ኣለዉ። ንኣብነት፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ሰዲህኤ ኣሸገርቲ ኮይኖም ዝጸንሑ ጉዳያት፡ ምስ ገንዘብ/ንብረት ሰልፍን ኣጠቓቕምኡን ዝተሳሰረ ኢዩ ነይሩ። ምሕደራ ገንዘብ ሰልፊ፡ ፊናንሳዊ ዲስፕሊን (ንጹር ዝኾነ፡ ምንጭን ማዓላን፣ መንን ብኸመይን፣ ናይ መቛጻጸሪ ሜላታትን ኣተጋባብረኦምን፣ ወዘተ ዝገልጽ ትግባሬ-መደብ) ዝሓትት ኢዩ። ምስ እዚ ጉዳይ ዝተኣሳሰሩ ብዙሓት ክጥቀሱ ዝኻኣሉ ጉድለታት (ኣብ ጀርመን ጠፊኡ ዝተባህለ ገንዘብ፣ ኣቦ መንበር ሰልፊ ነበር ካብ ሰዲህኤ ዝሓዘ ሒዙ ክፍለ ምስወሰነ ዝገበሮ ፋይናንሳዊ ዲሲፕሊን ዘይተኸተለ ምጉሕጓሕ ካዝና ሰሜን ኣመሪካ፣ ዝምታ ውልቀ-ገንዘብ ኣባላት፣ ወ.ዘ.ተ.) እኺ እንተለዉ ንሕጂ ብዛዕባ እቲ ኣብ ከባቢ መወዳእታ 2012 ኣብ ኣዲስ ኣባባ ቤት ጽሕፈት ሰዲህኤ ጠፊኡ ዝተባህለ ኣብ ኢድ ሓደ ኣባል ጨንፈር ኣዲስ ኣባባ ዝነበረ ካብ 90 ሽሕ ብር ኢትዮጵያ ንላዕሊ ዝኾነ ናይ ሰልፊ ገንዘብ ጥራሕ ክዛረብ። እዚ ኣብ ሰዲህኤ ምንጽልላው ብልሽውና ከምዝነበረ ዓብዪ ኣብነት ስለዝኾነ’ውን ምልዓሉ ኣገዳሲ ኢዩ እብል። ክልተ ደረጃታት ወይ’ውን ገጻት ኢዮም ነይረም።*

*ሀ) **ንኸልቢ ብእግርኻ ምህራምስ፡ እንካ ስጋ፡-** እስከ በዛ ትቕጽል ሓጻር ምሳልያዊ ታሪኽ ክጅምር። ኣብ ሓደ ዓዲ ሓደ ሓረስታይ ምስ ሓደ ተቐጺሩ ዝሰርሕ ሰራሕተኛኡ ይነብር ነበረ። ሓደ ማዓልቲ፡ ነቲ ሰራሕተኛኡ ይጽውዖ ሞ፡ “እንካ ነዛ ደርሆ ማንም ኣብዘይ ሪኣካ ከይድካ ቅተላ” ይብሎ። ሕራይ ኢሉ ይኸይድ’ሞ፡ ድሕሪ ቅሩብ ጊዜ ነታ ደርሆ ብሂወታ ሒዝዋ ናብቲ ሓረስታይ ሰብኣይ ይምለስ። እቲ ሰብኣይ ካኣ “እንታይ ዳኣ ብሂወታ ሒዝካያ ተመልሲካ?” ኢሉ ይሓቶ። ንሱ ካኣ “ኣብ ዝኸድኩ እንተኸድኩስ፡ እዛ ደርሆ ትርእኒ ነይራ” በሎ ይባሃል። ሕልና እንተ ዳኣ ሃልዩኳ፡ ዋላ እቶም ግዳይ ትገብሮም ዘለኻ ይርኢኹ ምህላዎም ይርዳኣካ ኢዩ። ምቻስ፡ ከምዝፍለጥ ኢቲ ቀንዲ ምንጪ እቶት ሰዲህኤ፡ ካብ ኣባላት ሰልፊ ዝዋጻእ (ወርሓዊ ክፍሊትን ውህብቶን) ገንዘብ ኢዩ ነይሩ። ኣባላት፡ ካልእ ጉዳዮም ገዲፎም (ካብ ኣፍ ደቆም እንዳ የሕደጉ)፣ ለይትን ቀትርን እንዳሰርሑ ( ካብ ውሓዳት እቶቶም እዳመቐሉ)፡ ሃገራዊ ጉዳይ ንምዕማም ዝገብርዎ ገንዘባዊ ኣበርክቶ ኢዩ። ስለዝኮነ ካኣ፡ ብኣግባብ ክማሓደር ኢካ ትጽበ። ኣብ ኢድ፡ ከምዚ ኣብዚ ምሳልያዊ ታሪኽ ዝተገልጸ፡ ሕልና ዘለዎም ሰባት ብሓደራ ክቕመጥ ኢካ’ውን ትጽበ። ኣብ ኢድ፡ ብሕልንኡ፡ “እቶም ተሸጊሮም ዝገደፉ ገዲፎም ገንዘብ ዝኸፈሉ ንጹሃት ኣባላት ይሪኢኒ ኣለዉ፡ ሃየንታ ኢዩ ነዚ ገንዘብ እዙይ ምጥፍፋእ” ክብል ዝኽእል ባዓል ሕልና ሰብ ኢዩ ክቕመጥ ዝነበሮ። እንተዘይኮነ፡ ንናይ ምጥፍፋእ ባህርያትን ታሪኽን ዘለዎም ሰባት እንተሂብካዮ፡ ከምቲ ኣቦው “ንኸልቢ ብእግርኻ ምህራምስ፡ እንካ ስጋ ማለት*

ኢዩ” ዝብልዎ ኢዩ ክኸውን። እዛ ኣብ ኣዲስ ኣባባ ኣብ 2012 ዘጋጠመት ተረክቦካኣ ልክዕ ከማኣ ኢያ ኮይና።

እቲ ተረክቦ፡ እቲ ብሓላፍነት ገንዘብ ሰልፊ ዝተረከበ ባእታ፡ “እቲ ሰልፊ ብሓላፍነት ዝሃበኒ ገንዘብ ጠፊኡኒ” ዝብል ጭብጢ ዘይነበሮ መግለጺ (ዘረባ) ምስሃበ ኢዩ ጀሚሩ። ስለዚ፡ ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ፡ “ወይ ወሳዲ ኣምጽእ ወይ ወሳዲ ኩን” ስለዝኮነ፡ እዚ ኣባል ኢዚ ገንዘብ ከምዝጠፍኦ መረጋገጺ ናይ ምቕራብ ሰከም (burden of proof) ናብኡ ኢዩ ክኸውን ዝግባእ ዝነበረ። ንሱ ግን ካብ ገንዘብ ጠፊኡኒ ሓሊፉ እቲ ገንዘብ ከምዝጠፍኦ መርትዖ ከቕርብ ኣይካለን። ብሰልፊ ዝቖመት መርማሪት ኮሚቴ’ውን፡ ድሕሪ ዓሚቕን ሰፊሕን መርመራ ምክያድ፡ እቲ ገንዘብ ከምዝጠፍአ መረጋገጺ ኣይረኸበትን። እቲ’ዩ ምንታይሲ፡

ስለዘይጠፍአ። ስለዝኮነ፡ እቲ ገንዘብ ሰልፊ ብሓልፍነት ተረኪቡ ከብቅዕ ኢቲ ገንዘብ ኣብ ማዓላ ሰልፊ ዘየውዓለ (ኣብ ውልቃዊ ዋኒኑ ዘውዓለ) ኣባል ተሓታቲ ጥራሕ ዘኾነስ፡ **ብዓንቀጽ 4.5.5 ቅዋም** ሰልፊ መሰረት ካብ ሰልፊ ክሰናበት ነይሩዎ። መርሕነት ሰልፊ እዚ ዘይምግባሩ፡ ቅዋም ሰልፊ ዝግህስ ጥሕሰት ገይሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ንመንፈስን ትሕዝቶን ነቲ ብመርማሪት ኮሚቴ ዝቐረበ ሪፖርታጅ ዝጻረር ውሳነ ኢዩ’ውን ወሲዱ። ካብዚ ሓሊፉ፡ ንኸምዚ ዓይነት ተርእዮ ምርዓምን ምትብባዕን ኣካል ናይቲ ተርእዮ ካብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ክበሃል ኣይካኣልን ኢዩ ነይሩ።

ለ) **ምሕባእ/ምሽፋን ኢ-ሞራላዊ ስኑ-ምግባርን ተግባራትን፡-** መጀመሪያ ብዛዕባ ኢዚ ኣብ ኣዲስ ኣባባ ጠፊኡ ዝበሃል ገንዘብ ዝኾነ ይኩን ሓበሬታ ንኣባላት/መሰረታት ብወግዒ ዝተነግረ ሓበሬታ ኣይነበረን። ከንድዚ ዝኣክል ገንዘብ (ልዕሊ 90 ሽሕ ብር ኢትዮጵያ) ኣበይ ከምዝኣተወ ዘይተፈልጠ ከንሱ፡ ንኣባላት ሰልፊ ንምንታይ ዘይተሓበረ? እዙይከ ግልጹነት ድዩ ነይሩ? እዚ ጉዳይ እዚ ካኣ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ሕቶታት ዘልዓለን ጸገም ዝፈጠረን ኮይኑ ከምዝጸንሐ ዝዝከር ኢዩ። ንኣብነት፡ እቲ ገንዘብ ከምዝጠፍአ መሪሕነት ሰልፊ መረጋገጺ/ጭብጥታት (hard evidence) ኣይነበሮን። እቲ ሒዝዎ ዝነበረ ሰብ/ኣካል ገንዘብ ጠፊኡኒ ስለዝበለ ጥራሕ፡ ገንዘብ ጠፊኡ ኢልካ ምውሳን ሕጋዊ ትካላዊ ኣሰራርሓ ኣይኮነን ነይሩ። ብተወሰኺ፡ ከንድዙይ ዝኣክል ዓቢ ጉዳይ እንዳሃለወን፡ ብሰንኪ ብዛዕቡኡ ንኣባልት ሰልፊ ኣብ ግዜኡ ዘይምሕባርን፡ እቲ ዝመልከቶ ኣካል/ሰብ ኣብ ካላኣይ ጉባኤ ሰልፊ ናብ ምርጫ ቀሪቡስ ከምረጽ’ውን በቒዑ። እዚ ከም ሓበሬት ሓቢእካ ሰብ ከምዝምረጽ ምግባር ኢዩ ዝቖጸር። ግልጹነት ዝጎደሎ ኣሰራርሓ ኢዩ’ውን ነይሩ። ከም ፖሊቲካዊ ኮራፕሽን ኢዩ ካኣ ዝቑጸር። ካብኡ ሓሊፉ፡ እቲ ብገንዘብ ምጥፋእ ክሕተትን ካብ ሰልፊ ክሰናበትን ዝግበኦ ዝነበረ ሰብ/ኣካል ኣባል ማባ ኮይኑ ከምዝምረጽ ተገይሩ ጥራሕ ዘኮነስ፡ ኣባል ፈጻሚት ኣካል/ኮሚቴ ኮይኑ’ውን ተመዚዙ። እዚ ባእታ ኢዚ ዝሕተተሉ ዓብዪ ጉዳይ ስለዘለዎ፡ ናብ ዝላዓለ ሰልፋዊ ሓላፍነት ከመጽእ የብሉን ኢሎም ንዝተቓወሙ ኣባላት ማባ ነበር ናይ ምንጻልን ምጽላምን ወፈራታት ተኻይዱ፡ ኣብ መጨረሻ’ውን ማባ ነቲ ብትሪ ዝተቓወመ ኣባል ካብ ሰልፊ ናይ ምውንዛፍ ዘይሕጋውን ዘይቅዋማውን ውሳነ ከምዝወሰደ ዝዝከር ኢዩ። እቲ ኣዝዩ ዘደንጹ ካኣ፡ እቲ በዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ገበን ዝኸሰሰ ሰብ፡ ኣብ ርእሲ ኽሳሲ ስጉምቲ ንኽውሰድ ድምጺ ንኽህብ መሪሕነት ሰልፊ ነበር ምፍቃዱ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እቲ መሰርሕ ብናይ “ረብሓታት-ምግጫው (conflict of interest) ዝተቓማጠዐን፡ ዘይዲሞክራስያዊ፣ ዘይፍትሓዊ፣ ዘይቅዋማዊን ንልዕላና-ሕጊ ዝጋህሰን ምንባሩ ኢዩ ነይሩ። እቲ ነዚ ምዕባለ እዚ ተኸቲሉ ዝሳዓበ ኩነታት ሰልፊ እንታይ ከምዝመስል ብሰፊሑ ቅድሚሕጂ ስለዝተገልጸ፡ ሕጂ ምድጋሙ ኣድላዪ ኣይኮነን።

ምናልባት መሪሕነት ሰልፊ ነበር ስለምንታይ ከንድዚ ዝኣክል ኢ-ሞራላዊ ስኑ-ምግባርን ተግባራትን ክሸፍንን ክሓብእን ደለየ ይባሃል ይኸውን። እቲ ሓጺር መልሲ፡ “መሪሕነታዊ ብርጣጠ” ከምኡ ኢዩ ዝነብር ኢዩ። “ኣነ ዝበልክዎ ክስማዕ ኣለዎ” ስለዝብል፡ እቲ ገንዘብ ጠፊኡ’ምበር እቲ ብሓላፍነት ዝተረከበ ሰብ ኣይሰረቖን እንተ ዳኣ ኢሉ፡ ኣባል ነቲ ሓቂ ብኸምኡ ኢዩ ክርደኦ ኣብ ዝብል ናይ ባዕላዊ ዓለም ኢዩ እቲ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ዝነብር ዝነበረ። እዚ ኮይኑ ግን፡ ሕጂ’ውን ክስገር ዘይካኣልን መልሲ ዘድልዮን ሕቶ ኣሎ። ንሱ ካኣ፡ “ስለምንታይ’ዩ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ ከንዲ ዝኸውን ገንዘብ ዘጥፈአ፣ ኣብ ጊዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ሃገራዊ ክሕደት ፈጺሙ (has committed treason) እንዳተባህለ ዝውቀስን ሕጂ’ውን እንትኮነ ንሃገራዊ ረብሓ ኤርትራ ኣይኮነን ዝሰርሕ እንዳተባህለ ዝሕመ ሰብ ከዕብዮን ካብ ጥፍኣቱ ክከላኸሉን ጸኒሑ” ዝብል ኢዩ። ንሱ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ሰብ ንኽከላኸሉን ንኽጣበቑን ክብሉ፡ ንንጹህ ኣባል ገንሸል ገይሮም፡ ንሓደ ጀግና ኤርትራዊ ቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስ ሰጒጎም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነቲ ሰልፊ ካብ ቅልውላው ናብ ቅልውላው እንዳመርሑ፡ ኣብ መጨረሻ ካኣ ገሚዖሞ። **ንጽሃት ኣባላት ካኣ ገንዘቦም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ሓድነት ሰልፎም’ውን ሲኢኖም።** ብግብሪ፡ መሪሕነት ሰልፊ ነበር፡ ካብ ሓድነት ሰዲህኤ፡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ባህርያት ዘለዎ ሰብ ከዕብዩን ክሕዙን መሪጾም። ግን ስለምንታይ? ነቲ ሰብ ስለዝሓለይሉ ዶ ኮን ይኸውን? ኣይመስለንን። እዚስ “ንክሕደትን ንኮራፕሽንን” ከሳባ ምርዓምን ንሓድነት ሰልፊ ከሳባ ምፍራስን ጸብጻሕ ኣይምኾነን። ማዕረ ከንድኡ ካብ ከዱ ግን፡ “ንሳቶም ከ ካብኡ እንታይ መኽሰብ/ረብሓ ይረኽቡ” ዝብል ሕቶ ንኽተልዕል ትግደድ። ጊዜ ዝምልሶ እኺ ብዙሕ እንተሃለወ፡ ኩለንተና ናይዚ ሰብን መርገጻት ናይቶም ክኸላኸሉሉ ዝጸንሑ ኣባላት መሪሕነት ሰድህኤ ነበር ኣብ ተራ ኢትዮጵያ ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልሲን፡ ኣብ ግምት ምስተእቱስ፡ “ናይ ሕኽኽኒ’ሞ ክሓክካ” ዝዓይነቱ ኢያ ትመስል። እሞ “ሰብ ማዕረ ነብሱ እንተኾይኑ ዘኽብረካስ፡ ንሰራቕን ንክዳዕን ከ፡ ሰራቕን ከዳዕን ዶ ኾን ዝኸውን ዘኽብሮ መጠን ነብሱ?”